# ኣገዳሲ መደብን መተሓሳሰብን ንኹሉ ኤርትራዊ ዜጋ ኣብ ሕቡራት መንግስታት ኣመሪካ

ቁጽሪ ኤርትራውያን ስደተኛታት ድሕሪ ናጽነት ካብ ግዜ ናብ ግዜ እንዳወሰኸ ክኸይድ ጸኒሑን ኣሎን። ብፍላይ ካብዚ ቀረባ እዋናት ጀሚሩ፡ ሕብረተሰብ ኩናማ፡ ኣብ ዝተፈላለያ ከተማታት ናይ ኣመሪካ ብጥርኑፍ ይመጹ ኣለዉ። ኣብዚ ዘለናዮ ከባቢ ቦስቶን- ማሳቹሰትስን ፕሮቪደንስ-ሮድ ኣይላንድን ብርክት ዝበሉ ሰደተኛታት ኣብ ሞንጎኦም ሕጻውንቲን ኣንስትን ዝርከብዎም ተመዲቦም ኣለዉ።

በዚ ምኽንያት መሰረት፡ ማሕበር ምትሕግጋዝ ኤርትራውያን-ቦስቶን (Eritrean Community Center, Inc.) ነዞም ዝመጹ ስደተኛታት ጠርኒፉ ኣብቲ ናይ ኤርትራውያን ሰንተር፡ እንቋዕ ደሓን መጻእኩም ንምባልን ሞራል ንምሃብን ምስ ኣሕዋቶም ኣሓቶምን ኤርትራውያን ተቐመጥቲ ቦስቶንን ከባቢኣን ንምልላይ፡ ንሰንበት ጥቅምቲ 21, 2007 (October 21, 2007) መደብ ኣዳልዩ ይርከብ። ኣብዚ መደብ’ዚ ወከልቲ ናይ International Rescue Committee (IRC), Catholic Charity, Boston Mayor’s Office ከምኡ’ውን Commonwealth of Massachusetts Office of Refugee and Immigration ዝርከብዎ ኣጋይሽ ብምዕዳም፡ እቲ መደብ ክካየድ ኢዩ።

ነዞም ብብዝሒ ናብ ሰደት ዘምርሖ ዘሎዉ ኣሕዋትናን ኣሓትናን ሃገር ንኽለምዱ በብዓቕምና ክንተሓባበሮም፡ ቋንቋኦምን ባህሎምን መንነቶምን ዝዕቅብሉ ባይታ ክንፈጥር ክንክእል እዚ ናይ ቦስቶን መደብ ከም ኣብነት ከነቕርቦ ደስ ይብለና። ካልኦት ከተማታት ኣመሪካ ኸኣ ተመሳሳሊ ምትሕብባር ክገብሩሎም ብትሕትና ንላቦ።

ሰላምን ፍትሕን ንህዝቢ ኤርትራ
ማሕበር ምትሕግጋዝ ኤርትራውያን-ቦስቶን
ኣካየዲት ሽማግለ

**pdfMachine**
**Is a pdf writer that produces quality PDF files with ease!**
Produce quality PDF files in seconds and preserve the integrity of your original documents. Compatible across nearly all Windows platforms, if you can print from a windows application you can use pdfMachine.
Get yours now!